# ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ
# ንወከልቲ ኤ.ደ.ኪ-1ን ንካድራት ውድብ
# ዞባ ምብራቕ ሱዳንን ኣገዳሲ መብርሂ ሂቡ

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ**

ተጋ/ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ኤ.ደ.ኪን፡ ብዕለት 15ን 16ን መጋቢት ክልተ ዝተፈላለዩ ኣኼባታት ብምክያድ፡ ኣብ ከባቢ ከሰላ ንዝርከቡ ወከልቲ ውድባት ኤ.ደ.ኪ-1ን፡ ንካድራትን ወከልትን ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ኣብ ምብራቕ ሱዳንን፡ ብዛዕባ ህልዊ ምዕባሌታት ደምበ ተቓውሞን ምስኡ ዝተኣሳሰረ ጉዳያትን መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ወከልቲ ኤ.ደ.ኪ-1 ዞባ ከሰላ፣ ማለት፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግ.ሃ.ድ.ኤ)፣ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ (ሰ.ደ.ኤ.) ከምኡ'ውን ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ 15 መጋቢት፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ነቲ ኣብ ጉባኤ ኪዳን ዝተረጋገጸ ዓወትን፡ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ምስ በጽሔ ዝተጋህደ ነጥብታት ፍልልያትን ብዝርዝር ገለጸ።

ኣብ ናይ 16 መጋቢት 2007 ኣኼባ ድማ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ናይ ከሰላን ከባቢኡን ዝመጹ፡ ዝርኤ ብዝሒ ዘለዎም ውፉያት ካድራት ተሳቲፎም ነበሩ። ኣቦ መንበር ናብቲ ኣብ ዝሓለፈ መዓልቲ ንወከልቲ ኤ.ደ.ኪ-1 ገሊጽዎ ዝነበረ ጉዳያት ዘትኮረ ዓሚቕ መግለጺ ኣቕረበ።

ኣብ ክልቲኡ ኣኼባታት፡ ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ፡ እቲ ተበግሶ ጉባኤ ኪዳን ብመሰረቱ ናይተን ሕጂ ኣብ ኤ.ደ.ኪ-1 ተጠርኒፈን ዘለዋ ውድባት ከም ዝነበረ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ብዝያዳ ዝውከለሉ፡ በርጌሳዊ ማሕበራት ብተዓዛብነት ዝሳተፉሉ፡ ውሳኔ ክውሰድ እንከሎ'ውን ዘይስልኪ ጸዓትን፡ ድፍኢትን ናይዘን ውድባት ከም ዝነበሮ ኣብርሀ። ርግጽ ኪዳን ንምሕያልን ንምዕዛዝን ብዝሕልን መንገዲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነ ጉዳያት ንኽውስን፡ እቲ ጉባኤ ክሰላሰል የድሊ ነይሩ እዩ። እቶም ኣገደስቲ ጉዳያት ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት የጠቓልሉ፥

1. ኣብ ቻርተር ኣዝዩ ዘድሊ ዝነበረ ለውጥታት ምትእትታው።
2. ኤ.ደ.ኪ ምስ በርጌሳዊ ማሕበራት ኮነ፡ ብሓፈሻ ምስ ህዝቢ ዘለዎ ዝምድናታት ምውሳን።
3. ብዝተጸንዐን ፍትሓዊን መንገዲ ናይ ኣባላት ውድባት ጉዳይ መጠናዊ ውክልና ምውሳን።

ብጻይ ወልደሱስ ኣብ ገለጽኡ እቲ ቻርተር ብመሰረት'ቲ ናይ ሎሚ ኤ.ደ.ኪ-1 ክጣበቑሉ ዝጸንሑ፡ ብዘዕግብ ኣገባብ ከም ዝመሓየሸ ኮይኑ እዩ በለ። ይኹን'ምበር ኣብ ካልእ ከም ጉዳይ መጠናዊ ውክልና ኮነ ኣብ ሕቶ ዝምድና ምስ በርጌሳውያን ማሕበራት ዝኣመሰሉ ጉዳያት ዝተመዝገበ ዓወት ኣይነበረን ክብል ኣመልከተ። ነዚ ጉዳያት'ዚ ገለ ሓይልታት ናይ ኤ.ደ.ኪ. ብዕቱብነት ዝረኣይዎ ኣይነበረን። ዋላ'ውን እቲ ናብ በርገሳውያን ማሕበራት ክበጽሕ ዝነበሮ ዕድመታት ክሳብ ናይ መወዳእታ መዓልታት ስለ ዝተጎተ፡ ጉባኤ ውሑዳት ተዓዝብቲ ካብ በርገሳውያን ማሕበራት

ጥራሕ ክርኢ እንከሎ ንተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ኮነ ንካልእ ውድባት ዘዕግብ ተረኽቦ ኣይነበረን። እዚ ሃለዋት'ዚ ሓደ ካብቶም ብሩሃት ፍሽለታት ናይ ኤ.ደ.ኪ. ፈጻሚ ኣካልን ኣቦ መንበሩን ዘንጸባረቐ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ካልእ መዳያት እውን ብምፍሻሉን ዝተማልኤ ጸብጻባት ከቕርብ ዘይምኽኣሉን ብማእከላይ መሪሕነት ተሪር ነቐፌታ ተዋሂብዎ እዩ ክብል ብ/ ወልደሱስ ኣብርሀ።

ብምቕጻል ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ንኪዳን ከሰጉምን ንቕድሚት ክደፍእን፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ካብቲ ዝነበሮ ዝሓሸ መልክዕ ክህብን ዝኽእል መሪሕነት ምምራጽ፡ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ጉዳያት ምንባሩ ጠቒሰ። ወጻኢ ካብ መሪሕነት ዝርከቡ ሓያሎ ኤርትራውያን እውን በቲ ዝነበረ መሪሕነት ምቕጻል ልክዕ ከምቲ ኤ.ደ.ኪ. ናብ ክልተ ደንበታት ብምፍንጫሉ ዘስዓቦ ኳሂ መስዓበ ነይሩ እዩ ዝብል እምነት ከምዘሎዎም ጠቒሰ።

ብጻይ ወልደሱስ ነቲ ብገለ ኣባላት መሪሕነት ኤ.ደ.ኪ-2 ዝቕርብ ዘሎ ክትዓት ኣልዒሉ፡ ምምራጽ መሪሕነት ብመሰረት ተራ ብዝሒ (ወይ 50%+1) ከም ዝብሉ፣ እዚ ድማ "ዘስሕቕን ዘገርምን ጥራሕ ዘይኮነስ ብምኩራት ኢዮም ዝበሃሉ ፖሊቲከኛታት ናይ ተቓውሞ ክደጋገም እንከሎ ዘሕንኽ እዩ" ክብል ገለጸ።

ኩሎም ተሳተፍቲ ዘለዎም ትዕዝብታትን ሕቶታትን ብምልኣት ድሕሪ ምቕራብ ድማ ኣኼባታት ከሰላ ዕማማቱ ዛዘመ።

ናይ ኤ.ደ.ኪ-1 ውድባት ምብራቕ ሱዳን ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታትን ኣብ መደበራት ስደተኛታትን፡ ሓባራዊ ኣኼባታት ናይ ካድራት ኮነ፡ ናይ ኣባላት ጨናፍር፡ ዘካይዱ ግብራውያን ሽማግለታት ኣቑሞም።